ቑፅሪ 6998/19144

ዕለት 05/13/05

# የንብቡኒ

**ሀ) ተጫረቲ ክፈልጥዎም ዝግብኡ ጉዳያት**

1. ናይ ተጫረቲ ማሉእ ሽም ፊርማኡም ናይ መንበሪ ኣድራሻን ቴሌፎንን ኣብ ዝተዳለው ሰነዳት ኣብ ኸሎም ገፃት ክፅሓፉ ኣለዎም፡፡
2. ተጫረቲ ዝተደንገጉ ሕግታት ዝኸበሩ ምኳኖምን ሕጊ ተሓላሊፎም እንተተረኺቦም ድማ ተሓታቲ ምኳኖም ክፈልጡ ኣለዎም፡፡
3. ተጫረቲ ንጨረታ ዘቕረብዎ ዋጋ ብኣሃዝን ብፊደልን ክፅሓፉ ከምዝግባእ ብፊደልን ብኣሃዝን ዝተፅሓፉ ኣፈላላይ እንተፈጢሮም ብፊደል ዝተፅሓፈ ቅቡል ይኸውን፡፡
4. ኣብ ማጠን ግዝኢት ሰነድ ጨረታ ብዘኾነ ሜልክዑ ገደብ ኣይህሉን፡፡ ኮይኑ ግና ሓደ ተጫራታይ ንሓደ ቦታ ካብ ሓደ ሰነድ ጨረታ ንላዕሊ ምፅዳግ ኣይክእልን፡፡
5. ተጫረቲ ናይ ጨረታ ዋጋ ሰነድ ማሊኣም ኣብ ሳንዱቕ ጨረታ ድሕሪ ምእታዎም ሰነድ ብምስራዝ ኣብ ክንድኡ ካሊእ ናይ ጨረታ ሰነድ ከእትው ኣይክእሉን፡፡
6. ወሕስና ጨረታ ክትሓዝ ዘለዎ ኣግባብ ኣቀራርባ CPO ድማ ጠቕላላ ስፍሓት ናይ ቦታ ምስ ብመ/ቤት ዝቀረበ ማበገሲ ዋጋ ተራቢሑ ዝተረከበ ወፅኢት ኮይኑ ካብ 5% ዝንእስ ክከውን የብሉን፡፡

ኣብነት፡- ብማስሪያቤት ዝቀርበ ማበገሲ ዋጋ፡- 1500.00/ሓደ ሽሕን ሓሚሽተ ሚኢቲን/ብር ንሜትር ካሬ እንተኮይኑ

- ተጫራታይ ንወድድር ዝሓረዩ ቦታ ስፍሓት ድማ 140 ሜትር ካሬ እንተኮይኑ

➢ 1500.00 X 140 ሜትር ካሬ = 210,000.00 (ክልተ ሚኢቲን ዓሰርተ ሽሕ ብር እንተኮይኑ)

= 210,000 X 5/100 = ብር 10500.00 (ዓሰርተ ሽሕን ሓሚሽተ ሚኢቲን) ብ CPO ተሰሪሑ ዝተሓዝ ገንዘብ ይኸውን ማለት እዩ፡፡

ቑፅሪ 6998/19144

ዕለት 05/13/05

7. ኣብ ወፅኢት እቲ ጨረታ ካልኣይን ሳልሳይን ዝወፁ ተጫረቲ ሰዓራይ ቀሪቡ ወፅሊ ምውዓሉ ክሳብ ዝረጋገፅ ሰዓራይ እንተዘይቀሪቡ ወይ ወፅኢቱ እንተዘይፀዲቑሉ ቀዳማይ ሰዓሪ ብዘቐማጦ ዋጋ ነቲ ቦታ ንምቅባል ድሌት እንተሃልይዎም ብምምልከቻ ንጉጅለ ፈፃሚ ጨረታ እንድሕር ገሊፆም ዘትሓዝዋ ሲፒኦ እንተይተማለሰ ተማዝጊቡ ክፀንሕ ይክእል፡፡ እንተዘይ ኮይኑ ሲፒኦ ይምለሰሎም

8. ንሰዓራይ ወፅኢቱ ካብ ዝተገለፀሉ እዋን ጀሚሩ ኣብ ወሽጢ 10 መዓልቲ ስራሕ ቀሪቡ ቅድመ ክፍሊት ብምፍፃምን ተደላይ ቅድመ ኩነት ብምማላእ ወፅሊ ክኣስር ኣለዎ፡፡

9. ቀዳማይ ሰዓራይ ኣብ 10 መዓልቲ ወሽጢ ወፅል እንተዘይፈፂሙ ኣብ ወሽጢ ተወሰኽቲ ሰለስተ (3) መዓልቲ ስራሕ ቀሪቡ ቅድመ ኩነት ኣማሊኡ ወፅሊ ንክፍርም ብምልክታ ማጠንቀቅታ ይወሃቦ፡፡

10. ኣብ ተራ ቑፅሪ 9ተ ከምዝተጠቀሰ ተወሳኺ መዓልትታት ስራሕ ተፈቒድሉ ቀሪቡ ቅድመ ክፍሊት እንተዘይፈፂሙ እቲ ቦታ ከምዝይደልዩ ተቖፂሩ ኣብ ሰፒኦ ዘትሓዞ ማከበሪ ጨረታ ገንዘብ ነቲ ከተማ ኣታዊ ይግበር፡፡

11. ካልኣይ ንዝወፀ ተጫራታይ እቲ ቀዳማይ ተጫራቲ ብዘቀማጦ ዋጋ ተመሳሳሊ ፡መፀዋዕታ 3ተ መዓልቲ ብምግባር ቅድመ ኩነት ከሚልእን ወፅሊ ክፍፅምን ይግበር፡፡

12. ካልኣይ ንዝወፀ ተጫራታይ ኣብ ዝተውሃቦ ጊዜ ገደብ ወሽጢ እንተዘይቀሪቡ ዘትሓዞ CPO ናብ መንግስቲ ኣታዊ ይግበር፡፡ ሳልሳይ ንዝወፀ ተጫራቲ ተመሳሳሊ ዕድል ይወሃቦ እዚ እንተዘይተሳኪዑ እቲ ጨረታ ይሰረዝ እቲ CPOድማ ናብ መንግስቲ ኣታዊ ይግበር፡፡

13. ብምልክታን ብፅሑፍን መፀዋዕታ ካብ ዝቐረበሉን ዝተገለፀሉን ጀሚሩ ኣብ ወሽጢ 10 ናይ ስራሕ መዓልቲ ቀሪቡ ኣገባብ ምስ ዘለዎ ኣካል ወፅሊ ሊዝ ክወዓዓል ኣለዎ፡፡ ወፅሊ ሊዝ ቦታ ከተማ ፀዲቑ ክሳብ ዝፍረም በዓል ማሰል ምሳኡ ኣይረጋገፅን፡፡

ለ/ <u>ተጫረቲ ካብ ጨረታ ወፃእን ተጠየቕን ዝኮነሉ ኣገባብ</u>

1. ኣብ ሰነድ ጨረታ ዝተዘርዘሩ ረቛሒታት እንተየማልኣ እንተተረፉ

ቑፅሪ 6998/19144

ዕለት 05/13/05

2. ኣብ ወሽጢ ሓደ ዓመት ሰዓራይነቱ 2 ጊዜ ተገለፁ እንተብቅዕ ቀሪቡ ብዘይ ምወፅዓሉ ጨረትኡ ዝተሰረዘ፡፡

3. ቅድም ኣሉ ኣብ ዝወሰዶ ቦታ ህንፀት ብዘይምፍፃሙ ሜሬት ዝተሓደገ እንተኾይኑ
4. ባዶ ሜሬት ትሕቲ ፍርቂ ህንፀት 3ተ ጊዜ ናብ 3ይ ወገን እንተሕሊፉ (እንተሸይጠ)
5. ንማሕበሪ ጨረታ ካብ ዝተጠየቐ ማጠን ገንዘብ ንታሕቲ እንተቐሪቡ
6. ዝተጭበርበረ ክፍሊት ሜኣዘዚ ዘቕረበ
7. ዝተጭበርበረ ናይ ወክልና ሚዳእታ ዘቕረበ
8. ንሓደ ቦታ ክልተ ናይ ጨረታ ሰነድ ዘቅረበ
9. ሓደ ማሕበሪ ሰነድ ጨረታ ካብ ሓደ ንላዕሊ ናይ ጨረታ ቦታ ዘቕረበ
10. ኣብ ልዕሊ ጨረታ ሰነድ ዝኾነ ናይ ምጭበርባር ተግባር ዝፈፀመ
11. ዝተፈላለየ ሓላፍ ንምርካብ ወይ ጨረታ ንምስዓር ንዝኾነ በዓል ስልጣን ወይ ሰራሕተኛ ሚደለሊ ብላዕ ምግቡ ወይ ንምግብ ሓሳብ ምቕራብ ብዘእምን ኩነታት ዝተረጋገፀ፡፡
12. ዝኾኑ ተጫረቲ ኣብ ኸይዲ እቲ ጨረታ ቅሬታ እንተሃልይዎ ቅሬትኡ ናብ ኣካቢ ፈፃሚ ጨረታ ከቕርብ ይክእል፡፡ (ኣብ ሓደ መዓልቲ ሜሲ ይህብ) እንተዘይ ኮይኑ ቀፂላ ኣብ ዘላ ናይ ስራሕ መዓልቲ ናብ ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ይቀርብ ናይ መወዳእታ ወሳነ ይኸወን፡፡

ምስ ሰላምታ

ኣብ ምምሕዳር ከተማ መቐለ

**Mekelle city Administration**

*ቤት ፅሕፈት ልምዓት ከተማ*

**Office Of Urban Development**

ዋና ከይዲ ስራሕ ምእላው ሜትን ምዓብ ሚዳእታን

ቑፅሪ 6998/19144

ዕለት 05/13/05